# መጽናዕቲ ተምሃራይ – ሓበሬታ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንዘለዉ ተምሃሮ

**ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ እንታይ እዩ፧**
እቲ ናይ ተምሃራይ መጽናዕቲ ኣብ ቤት-ትምህርትኹም ብዛዕባ ዘሎ ትምህርትን ድሕነትን ሓሳብኩም ትህብሉ ዕድልኩም እዩ። እቶም ካብቲ መጽናዕቲ ዝተረኽቡ ውጽኢታት ናይቶም ተምሃሮ ናይ ቤት-ትምህርትን ናይ ትምህርትን ሃዋሁው ንምምርማርን ምምዕባልን በቲ ቤት-ትምህርቲ፡ በቲ ዋና ቤት-ትምህርቲ ከምኡ ድማ እቶም ሃገራዊ ሰብ-መዚ ትምህርቲ ይዕቀቡን ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉን።

እቶም ካብቲ መጽናዕቲ ዝተረኽቡ ውጽኢታት ንምርምር፡ ስታትስቲክስን/ጸብጻብን ኣብ ኣርካይ ምዕቃብን እውን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ይኽእሉ።

እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ካብቲ መጽናዕቲ ንዝተረኽቡ ስታትስቲክስ ወይ ጸብጻብ ኣብዚ ዝስዕብ የቕርቦም www.udir.no።

**እቲ መጽናዕቲ ብኸመይ ይካየድ፧**
ተሳታፍነት ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ምሉእ ንምሉእ ወለንታዊ እዩ። ክትምልስዎም ንዘይትደልዩ ሕቶታት ክትሰግርዎም እውን ትኽእሉ።

**ሓለዋ ውልቃዊ ሓበሬታ ከምኡ ድማ ሓላፍነት ንምምስራሕ ሓበሬታ**
ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ኣብ ትሳተፍሉ እዋን፡ ውልቃዊ ሓበሬታ ብዛዕባኹም ንዕቅብ። እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ከሎም ውልቃዊ ሓበሬታታት ብመሰረት እቶም ሕግታት ሓለዋ ሓበሬታ ይምስርሑ ምህላዎም ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ናትና መስራሒ ሓበሬታ፡ Conexus፡ ኣብቲ መጽናዕቲ ንእንጥቀመሉ ቴክኖሎጂ ኣብ ክንዲ እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ብምዃን የካይድ፡ በቶም ተመሳሰልቲ ሕግታት ክቕየድ ከኣ ግዴትኡ እዩ።

ስምኩም ንምቕራብ ኣይትሕተቱን ኢኹም፡ ከምኡ ድማ ናይ ሃገራዊ መንነት ቁጽርኹም ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ምስ እትህብዎም መልስታት ኣይላገቡን ወይ ኣይትኣሳሰሩን እዮም። ኣብቲ መጽናዕቲ መሊስኩም ምስ ወዳእኩም፡ እቲ ኣብ መንን ናትኩም ናይ ሎግኢን (መእተዊ) ኮድ/ሊንክ ከምኡ ድማ እቶም ዘቕረብኩሞም መልስታትን ዘሎ ምትእስሳር ክስረዝ እዩ። እዚ ድማ ኣብቲ መጽናዕቲ መን እንታይ መሊሱ ንምልላዩ ከቢድ ይገብሮ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት (ንኣብነት፡ ካብ ንኣሽቱ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተረኽቡ መልስታት)፣ሓደ ሰብ ንውሱን መስሊ ምስ ውሱን ሰብ ከተኣሳስሮ ናይ ምኻል ስግኣተ-ሓደጋ ኣሎ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ነቶም ውጽኢታት ናይቲ መጽናዕቲ ናብቲ ቤት-ትምህርት፡ ናብቲ ወናኒ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ ድማ ናይቲ ዞባ ሰብ-መዚ ትምህርቲ ኣብ ምልቃቕ ኣዝዮም ጽኑዓት ሕግታት ኣብ ግብሪ የውዕል። ውጽኢታት ናይቲ መጽናዕቲ ንመልስታትኩም ምሳኹም ከተኣሳስር ብዝኽእል መንገዲ ብፍጹም ህዝባውያን ኣይክኾኑን እዮም። እቶም መልስታት ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነሉ ንውሓት ግዜ ይዕቀቡ።

እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ነቶም መልስታት ንናይ ምርምር ዕላማታት ኣብ ዝለቆም ኣጋጣሚታት፡ እቶም ተመራመርቲ በቶም ናይቲ ዲረክተርነት ሕግታት ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታን ምስጢራውነትን ተማኢዚዞም ክኸዱ ይግደዱ፡ ሓበሬታ ናይ ዘይምግላጽ ውዕል ክፍርሙ ከኣ ይግደዱ።

**ሕጋዊ መሰረት ንምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታ**
እቲ ምስቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ዝዛመድ ሕጋዊ መሰረት ንምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታ ነቲ ሓፈሻዊ ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ፡ ዓንቀጽ 6 ሕጡብ-ጽሑፍ 1 lit e ከምኡ ድማ ዓንቀጽ  ሕጡብ-ጽሑፍ  2 lit g ዝኽተል እዩ፡ እቲ ናይ መመላእታ ሃገራዊ ሕጋዊ መሰረት ኣብ ክፍሊ 2-3 ናይቶም ሕግታት ናይ ኣዋጅ ትምህርቲ [*forskrift til opplæringsloven*] ከምኡ ድማ 2-3 ናይቶም ሕግታት ናይ ኣዋጅ ናይ ግሊ ቤት-ትምህርቲ [*forskrift til privatskoleloven*] ሰፊሮም ኣለዉ። መልስታትኩም ምሳኹም ከተኣሳስሩ ስለዘይክእሉ ንመልስታትኩም ክትርእዮም፡ ክትእርምዎም ወይ ክትስርዝዎም ኣይትኽእሉን።

እቲ ሕጋዊ መሰረት ናይ ምርምር፡ ስታትስቲክስ/ጸብጻብ ከምኡ ድማ ኣብ ኣርካይቭ ምዕቃብ ሓፈሻዊ ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ ዓንቀጽ 6 ሕጡብ-ጽሑፍ 1 lit e ከምኡ ድማ ዓንቀጽ  ሕጡብ-ጽሑፍ 2 lit j እዩ። ዓንቀጻት 8 ከምኡ ድማ 9 ናይቲ ናይ ኖርወይ ኣዋጅ ውልቃዊ ሓበሬታ ነቲ ናይ መመላእታ ሃገራዊ ሕጋዊ መሰረት ዘጠቓልል እዩ።

**ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ድዮም፧**
ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ወይ ነቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን በዚ ዝስዕብ ርኸብዎ።
ናይ ርክብ ዝርዝራት ናይቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን፥
**ተሌፎን፥** +47 23 30 12 00
**ኢመይል፥** post@udir.no

UU

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ (ብቛንቋ ኖርወይ ጥራይ) ክትረኽቡ እውን ትኽእሉ www.udir.no/undersokelser። ንሓለዋ ሓበሬታ ዝምልከቱ ሕቶታት ናብቲ በዓል-መዚ ሓለዋ ሓበሬታ ናይቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን በዚ ዝስዕብ ክስደዱ ኣለዎም personvernombud@udir.no

እቲ ናይ ኖርወይ በዓል-መዚ ሓለዋ ሓበሬታ ንምምስራሕ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ እቲ መናዕቲ ተምሃራይ ዝምልከቱ ጥርዓናት ይርኢ። ተወሳኺ ንምፍላጥ፡ ናብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥ https://www.datatilsynet.no/om-datatilsynet/kontakt-oss/klage-til-datatilsynet/